ምልክት፡ ዘበን ምስ ከፍአ ማይ ዘሎን ዘየሎን ንምጥላል ናብ እምባ ሳራጉምበ ደይቦም ኣብ ጉንዲ (ኦም) ፈትሊ ኣሲሮም እቱ ፈትሊ ምንቅስቃስ ምስ ኣበየ፡ ምልክት ንፋስ ድኅሪ ዘየሎ ማይ'ውን ኣይህሉን ኢሎም ዓዲ ገዲፎም ጊዒዞም ይበሃል። እዙ ፈተነ'ዙይ ምዕቡል'ኳ እንተዘይኮነ ብመጠኑ ኣብቱ ሕብረተሰብ ገና ካብ ነዊሕ ጊዜ ኩነታት ኣየር ናይ ምጽናዕን ምትንባይን ሜላ (climatology) ከምዝነበረ ይሕብረልና። ደላድል-ዶቦዓ'ውን ("ዶቦዓ'ዳላዲል") ዓቢይ ትርጉም ክህልዎም ይከኣል፤ ማለት ናይ ሓመድ ዕቀባ ሜላ እንካብ ነዊሕ ጊዜ ጀሚሩ ኣብ እዞም ዓሌታት ይትግበር ከምዝነበረን እዙ ብናይ ሀዚ ወለዶ ካብ ቅድሚ ብዙኅ ዓመታት ኣቢሉ ዝዝውተር ኣብ ስንጭሮታትን ግድምታትን ደላድል ናይ ምሥራሕን ሓመድ ናይ ምዕቃብን ባህሊ እንካብኣቶም ዝተወረሰ ኢዩ ዝመስል። ጋድ ኣቐሑቶም ናይ ዝኃደጉሉ ቦታታት ሸነኽ መፍለጢ ከምዝኾና ዝእመነለን ምልክታት ወይ ጨርሕታት ኣለዋ[32]፣ ብናይ ሎሚ ኣዘራርባ ከም "ኮምፓስ" ማለት እንከኾን፡ ተረኣኣይቲ ኣብ ዝኾኑ ጠረራት ኣብ ርእሲ ኳና ትእምርታ ፃዕዳ እምኒ (ጭንጭልሒት) ተኺሎም ዝኃደግዎ ኢዩ ዝመስል፤ ኣብ ላዕሊ ከምዝተብሃለ ከዓ ብሳሆ "ካራንሓሳ" ይበሃል።። ("ካራንሓሳ" መሠረቱ፡ "ካራ" ማለት "ምልክት" ወይ ናይ ሓደ ነገር መዘኻከሪ እንከኾን፡ "ሓሳ" ከዓ "ሰያብ" ወይ ከዓ "ዝፃዕደወ" ማለት ኢዩ። ስለዙይ "ካራንሓሳ" ማለት ብፃዕዳ እምኒ እተዛዘመ ጨርሒ -"ሰያብ/ፃዕዳ ጨርሒ" - ኢዩ ዘስምዕ)።

ምስ'ዙይ ኣተኃኒዝካ ክጥቀሱ ዝግብኦምን፡ ምስ'ዞም "ካራንሓሲት" (ጨርሕታት) ተጠቓሊሎም ብሰብ ሞያ ናይ ጥንታዊ ነገራትን ሥልጣኔን ክጽነው ዘለዎምን ነገራት ኣለዉ። ንሶም ከዓ ኣብ ዓዲ ኢሮብ ብፍላይ ወርዓትለ ኣብ ዝበሃል ጣቢያ ሓሓሊፍካ ዝርከቡ፤ ከማኡ'ውን ኣብ ዓይጋ (ኣብ "ዛላ" "በክስታን") ዘለዉ፡ ሠራሒኦምን እተሠርሕሉ ዘበንን ዘይተፈልጠ ናይ ጥበብ ሥራሓት/ቅርስታት፤ ኣለዉ። ኣቕሓ-መሬት፡ ብፍሉይ እተሠርሐ እምኒ፡ ከማኡ'ውን ኣብ መናድቕ-በዓትታት ዝርከቡ ናይ እንስሳ ኣሳእልን ፅሑፋትን ይርከቡሉ። እዞም ቅርስታት'ዚኦም ብርግጽ ቅድሚ ኢሮብ ይነብርሉ ናይ ዝነበሩ ሰባት ከምዃኖም ብዙሎም ናይ'ዙ ዓዲ ሕዝቢ ዝእመነሉ

[32] እዞም "ካራንሓሳታት" ኣብ ብዙኅ ቦታታት ወረዳ ኢሮብ ይርከቡ። ንኣብነት፡-ኣብ ዓይጋ፣ ኣብ ዓሊቲና፣ ኣብ ዓዣዓለይታ፤ ኣብ ታሕተዋይ ዳያ፡ ኣብ ሰንገደ (ማቂዕታ'ዲጋ፡ ዓርመድዶ፡ ዶትሶማት፡ ፋገና፡ ኣፍደድዳ፡ ሒጋጊድ፡ ታብራኮ፡ ታሕተዋይ ማቂዕታ)፣ ኣብ ሲላሕ (ኣሎጋደ፡ ዱዱብ)፡ ኣብ ሳብዓታ፡ ኣብ ኣራዕ፡ ...



ኢዩ። ብመንን ናይ መኣዝን ምዃኖም ግን ብርግጽ ኣይፍለጥን። ገሊኦም ናይ በለውን ከለውን ሥራሓት ኢዮም ዝብሉ ኣለዉ ኢዮም።
ኣብ ወርዓትለ ብኣሳእልን ፅሑፍን ዝፍለጣ በዓትታት፡-

1/ ኣብ ታሕተዋይ ሓምቦካለ እትርከብ፡
2/ ራእሲ-ቦሎ (በዓቲ ራእሲ ተብሂላ እትጽዋዕ)፡
3/ ራያ-ቦሎ (በዓቲ ራያ እትበሃል ኣብ ኣሙዕ ዳጋ እትርከብ)፡
4/ ኣብ ዓዶ ዳጋ እትርከብ፡
5/ ኣብ ኣሞናቢ ዳጋ እትርከብ፡ ኢየን።

ካልኣት ብትኪ ስለዝጸለማ፡ ደቂ ዓዲ ሓዊ ኣብሪሆም ኣብ ጸልማት፡ እቱ ጸሊም መናድቕ-በዓቲ ከንጸባርቕ ከሎ "እዙይ ስእሊ ወይ ፅሑፍ ነይሩ" ኢሎም የርእዩ'ምበር ግልጺ ኣይኮነን። ኣብ ኣሞናቢ ዳጋ ዘላ ግን ሓዊ ከይግበረላ ትሕሎ ጸኒሓ፡ ብ1977 ዓ.ም. ተሰዲዶም ዝመጹ ሰባት ኣብ ኣፈታ ሓዊ ስለዘንደዱላ እቱ ደም ይመስል ዝነበረ ቀለም ሕብሩ ጽልም ኢሉ ይርከብ። ኣብ ጥቓ እዛ በዓቲ ወሰናስኑ ከም መጋዝ ዝተሠርሐ እምኒ ተረኺቡ ኣብ ኢድ ኣብቱ ከባቢኣ ዝነብሩ ሰብኣይ ይርከብ። ኣብዛ በዓቲ ግን ኣሳእል እንስሳ ጥራሕ እምበር ፅሑፍ ኣይርከባን።

ስለዙይ "ካራንሓሳ" ሠሪሖም ዝገደፉ ጋድዶ? ዶቦዓዶ? ወይስ ካልኣት ኢዮም? ንቶም ካልእ ዓይነት ቅርስታት፡- ኣቕሑ-መሬትን ኣሳእል-በዓትታትን ዝሠርሑከ በለውዶ? ከለውዶ? ወይስ ካልኣት ኢዮም? መጽናዕቲ ክገብርሉ ንዝደልዩ ዓዳሚ ሕቶ ኢዩ።

ኣብ ክሊ ዓዲ ኢሮብ፡ ንካያይታ ካብ'ቱ ሕብረተሰብ ፈሊኻ ናይ ምርኣዮም ድሑር ባህላዊ ኣመለካኽታ ኣሎ ኢዩ። ካያይታ ግን ቅድሚ ኢሮብ ኣብ'ቱ ዓዲ ዝጸንሑን[33] እንካብ ጊዜ ኦና ፈላ-ዓሚዳን ጋዳሩማን ምስ ኢሮብ ዝተዋለዱን ሕብረተ ሰብ ኢዮም። (ማለት፡ ፍሥሓ ጓል ኦና ፈላ-ዓሚዳ ነና ዝበሃል ደብሪመላታይ ኣእቲዩዋ ንዋዓጋ፡ ዋዓጋ ንሓጎሳ፡ ሓጎሳ ከዓ ጋዳሩማ ኣእቲዩዋ፡ ተሰፋት፡ ወልዶ፡ ኣምለኩ፡ ተወሊዶም። ዘረሓንስን ዑዋልጉማን ዲላን ካብ ብሩር ጓል ራእሲ ዓገባ (ስቡሓ)፤ ዘሥላሰ ከዓ ካብ ለተሥላሰ ዝወለዶም ኢዮም።) ካያይታ ኣገዛዝኣኦም ብርቱዕ፡ ኃያላት፡

[33] ኣብነት፡ ብስም "ዳምባ'ኮማ" እትፍለጥ እምባ፡ ይነብሩላ ስለዝነበሩ ብስም ኦና ዳምባ ዝበሃሉ ካያይታይ ኢያ እትጽዋዕ፡ "ዳምባ'ራብና" እትበሃል እውን ኦና ዳምባ ዝሞቱላ ቦታ ስለዝኾነት ኢዩ ይበሃል።